# ሰፊሕ ኤርትራዊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ለንደን

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
23.02.2009

ብ22 ለካቲት 2009 ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝርከቡ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዕታትን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምቅዋምን፤ ኣብ ኤርትራ ፍትሒ፡ ሰላም፡ ዲሞክራስን ግዝኣት-ሕግን ንኽሰፍን ብምጽዋዕን ኣብ ከተማ ለንደን ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

ሰላማዊ ሰልፈኛታት፡ ናይ ሕልና እሱራት ይፈትሑ፡ ናጽነት ፕረስ ይተሓሎ፡ ቅዋማዊ መንግስቲ ይመስረት፡ ምርሻን መንእሰያት ንኹንን፡ ባርነት መንእሰያት ደው ይበል፡ እወ ንዲሞክራሲ፡ እምቢ ንውልቀ-መላኺ …ወዘተ ዝብሉ ዝተፈላለዩ ጭርሖታት ብምድጋም፡ ኣብ ኣፍደገ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣንያ ድምጾምን ተቓውሞኦምን ኣስሚዖም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንዕላማ ሰላማዊ ሰልፎም ዝገልጽ መዘክር ንሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኣረኪቦም። ትሕዝቶ ናይ'ቲ መዘክር ድማ፡ ክፍሊ ዕዮ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ተርጒሙ የቕርበልኩም ኣሎ።

22 ለካቲት 2009

**ናብ ክቡር ደቪድ ሚሊባንድ (ኣባል ፓርላማ)**
**ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያትን ሓባራዊ ዕዳጋን ዓዲ እንግሊዝ**
**King Charles Street,**
**London SW1 A 2AH**

ክቡር ሚኒስተር

ከም ኤርትራዊ መበቈል ዘለዎም ዜጋታት እንግሊዝ፡ ከም ኣባላትን ደገፍትን ንፍትሕን ዲሞክራስን ዝቃለሱ ዘለዉ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ወድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን መጠን፤ በቲ ኣብ ኤርትራ እናዛየደ ዝመጽእ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝሓደረና ስግኣትን ስንባደን ክንገልጽ ንፈቱ።

ነዚ ሰላማዊ ሰልፊ ንምክያድ ዝደረኸና ቀንዲ ምኽንያት፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያት ንምሕባርን፤ ኣንጻር'ቲ ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ መሰላት ዜጋታት ኤርትራ ዓዛብ፡ ምስዋርን ቅትለትን ዝኣመሰሉ መንግስቲ ኤርትራ ዝፍጽሞም ዘሎ መዘና ዘይብሎም ግህሰታትን፤ ከምኡ ውን፡ ኣንጻር'ቲ ንኤርትራ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዝነጸለ ዘይሓላፍነታዊ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ናይ'ቲ ስርዓት ተሪር ስጉምቲ ንኽትወስዱ ንምዝኽኻርኩምን ኢዩ።

ኤርትራ ኣካል ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ምዃና ዝዝንግዕ ባህርያት'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ገታኢ ስኢኑ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናበኣሰ ክመጽእ ከምዝጸንሐ ትፈልጡ ኢኹም። እቲ ጸገም፡ ከም ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ህዩማን ራይትስ ዎችን ዶብ ኣልቦ ጋዜጠኛታትን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾኑ ትካላት ክግለጽ ጸኒሑ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ኣመልኪቶም ብዙሓት ጸብጻባት ውን ኣቕሪቦም ኢዮም።

ንኤርትራውያን ዘጋጥምዎም ዘለዉ ጸገማት ዝእምቱ ብዙሓት ካልኦት ምልክታት ውን ኣለዉ። እቲ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ ዋሕዚ ናይ ስደተኛታት ሓደ ካብ'ቶም ብዙሓት ምልክታት ኰይኑ፣ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራትን ኣብ ሃገራት ደቡብ ኣውሮጳን ክዝነየሉ ጸኒሑ ኢዩ። ዋላ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት ዓዲ እንግሊዝ፡ ቍጽሪ ኤርትራውያን ዑቕባ ሓተትቲ ናብ ዓዲ እንግሊዝ እናዛየደ ምምጻኡን፤ ብመንጽር ብዝሒ ዋሕዚ ስደተኛታት ናብ ሃገርኩም ኤርትራ ድሕሪ ዒራቕን ኣፍጋኒስታንን ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ከም እትስራዕ ኢዩ ክሕብር ጸኒሑ።
እቲ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ክሰግር ንዝረኽብክምዎ ተኰስኩም ቅተሉ ዝብል በቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ዝተዋህበ ትእዛዝ ንገዛእ ርእሱ፡ ብዝሒ ናይ ስደት ወይ ህድማ ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑን ክሳብ ክንደይ ኣሻቓሊ ጕዳይ ኰይኑ ምህልዉን ኢዩ ዝሕብር። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ፖሊሲ'ዚ ከኣ፡ ብዙሓት ስደተኛታት ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ክሰግሩ ከለዉ ተቐቲሎም ኢዮም። ኣብ መጀመርያ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ ናይ'ቶም ኣብ ማእከላይ መረብ ዝተቐትሉ 4 ንጹሃት መንእሰያት ወረ፡ በቲ ብሬሳታቶም ተጸቒጡ ክድሕን ዝኸኣለ ሓሙሻይ ብጻዮም ኣቢሉ ናብ ቤተ-ሰብን ኣዕሩኽን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ክበጽሕ ክኢሉ ኢዩ።

በዚ ኣረሜናዊ ተግባር'ዚ ከይተገትኡ ኢዮም በሽሓት ዝቝጸሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ንዝፈትውዋ ሃገሮም ራሕሪሖም ግዳይ ናይ'ቲ ሓደገኛ ጕዕዞ ምድረ-በዳታትን ማእከላይ ውቅያኖስን ኰይኖም ናብ ኣውሮጳ ዝኣትዉ ዘለዉ። ኣብ ኣውሮጳ ምስ በጽሑ ውን፡ መብዛሕትኦም ተቐባልነት ኣይረኽቡን ኢዮም። እቲ ብዝሒ ናይ ህድማን እቶም ኤርትራውያን መንእሰያት ዝጐዓዝዎም ሓደገኛታት ቦታታትን ንገዛእ ርእሱ፡ ክሳብ ክንደይ ሕማቕ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ከምዘሎ'ዩ ዝምስክር።

ክቡር ሚኒስተር

ክሳብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ብሰፊሑ ዝተዘርበሉን ርኡይን ብብዙሓት መራሕቲ ዝፍጸም ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት እንከሎ፤ ንኣህጕራዊ ውዕላት ሰብኣዊ መሰላት ንኸምእዘዙን ሓላፍነት ክስከሙን ዝተገብረሎም ጸቕጢ ግን የለን። ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ሓደ ካብ'ዞም ብሕማቕ ምሕደራኡን፣ ነቲ ኤርትራ ዝፈረመትሉ ውዕል ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ብምግሃሱን ክሕተቱ ዝግብኦም መራሕቲ ምዃኑ ኢና ንኣምን።

ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ነቲ ስርዓት ምቅዋም ክሕደት'ዩ ዝቝጸር። እቶም ካብ'ቲ ስርዓት ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎም ድማ፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ኢዮም ኣብ ማእሰርቲ ዝዳጐኑ። ማእለያ ዘይብሎም ዜጋታት ንብዙሕ ዓመታት ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ተዳጒኖም፡ ምስ ሰብ ከይራኸቡ ተሓሪሞም ይርከቡ ኣለዉ። እቶም ካብ መስከረም 2001 ኣትሒዞም ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ዘለዉ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ነበር ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል ኢዩ። ማእሰርቲ ናይ መራሕቲ ሃይማኖትን ሰዓብቲ ንኣሽቱ ሃይማኖታትን ከኣ ካልኣይ ኣብነት ኢዩ። ካብ 2001 ዓ.ም ጀሚሩ፡ ናጻ ፕረስ ተዓፊኑ፡ ጋዜጠኛታት ድማ፡ ኣደዳ ማእሰርትን ምስጓግን ኰይኖም ኢዮም። ህዝቢ ብዛዕባ ከመይነት ምሕዳራኡ ክዛረብ ኣይፍቀደሉን ኢዩ፤ ኤርትራ ድማ ብዘይ ቅዋም ኢያ ትመሓደር ዘላ። ልኳምን ቍጽጽርን ዘለዎ ስልጣን ስለዘየለ፡ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ፈን ከምዝበሎም ክገብሩ ዝኽልክሎም ዝሓቶምን ኣካል የብሎምን። ህዝቢ ብሓለንገ ጥሜት ክሳቐን፣ ቍጽሪ ለማኖ ድማ፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ ክኸይድን ይርአ ኣሎ። እቲ መንግስቲ ግን፡ ጌና እዚ ጸገም'ዚ ምህላዉ ክእመንን፡ ናይ መግቢ ረዲኤት ክሓትትን ድሌት የብሉን።.

**ነዚ ጸገም'ዚ መፍትሒ መታን ክርከበሉ፡ መንግስቲ እንግሊዝን ሕብረት ኣውሮጳን ጸቕጥታት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ጸቕጥታት ክገብሩ ከምዝጸንሑ ንርዳእ ኢና። መንግስቲ ኤርትራ፡ ነዚ ጻውዒት'ዚ ብቐጻልነት ዕሽሽ እናበለ'ዩ ክሓልፎ ጸኒሑ። ሕጂ ግን፡**

ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስን ፍትሕን ክሰፍን ኣለዎ ዝብል ንጹር መልእኽቲ ክመሓለለፈሉ ግዜኡ ምዃኑ ንኣምን። ስለ'ዚ፡ መንግስቲ እንግሊዝ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ጠለባት ንምምላእ መሪሕ ግዲኡ ክጻወት ንምሕጸን፡-

1. ንሓደስቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዑቑባ ክህብ፤
2 ንዝኾነ ኤርትራዊ ስደተኛ በስገዳድ ናብ ሃገሩ ከይመልሶ። ምኽንያቱ ድማ፡ ካብ ሰራዊት ኩብሊልካ ተባሂሉ ንስቅያትን ዘይሰብኣዊ ተግባራትን ክቃላዕ ስለዝኾነ፤
3. ኣብ ውሱናት ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ሰበ-ስልጣን ህግድፍን ሰባት ዝዓለመ እገዳ ናይ መገሻ ብምግባር ጸቕጥታት ምብርታዕ፤
4. ኵሎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሃይማኖትን እሱራት ብቕጽበት ክፍትሑ ምጥላብ፤
4. ሓቀኛን ንኹሉ ዘሳትፍን ንመሰረታዊ ናጽነታት ናይ ኣምልኾን ውደባን ምዝራብን ዘኽብር መንግስቲ ክቐውም ምጽዋዕ፤
5. ኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ብመሰረት ውዕል ኮተኑ ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት፡ ዝጭበጥ ምምሕያሻት ክሳብ ዝርአ፣ ነቲ ንኤርትራ ክህቦ መዲብዎ ዘሎ 120 ሚልዮን ዩሮ ዝኸውን ናይ ልምዓት ደገፍ ደው ከብሎ፣
6. ነቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዘሳቒ ዘሎ ጥሜት ምግላጽ፤
7. ንህዝቢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ናይ ኤርትራውያን ውድባትን ሲቪላውያን ማሕበራት ምድጋፍን፤ ንኤርትራ ኣብ ዝምልከት ሰብኣዊ ጒዳያትን ፖሊሲታትን ሰብኣዊ ክውከሶምን፤ ሰብኣዊ ጸጋታቶምን ዓቕሞምን ንምጒልባት ክተሓባበርን ንጽውዕ።

ንጠለባትና ንምስማዕን ንምቕባልን ዝሃብኩምና ዕድል ነመስግን። መልሲ ክትህቡና ድማ ብተስፋ ንጽበ።

ምስ ሰናይ ትምኒት

ኣሰፋው ገብረኪዳን
ኣባል EHDR – UK Board member.